## ናይ ደገፍ መልእኽቲ ናብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ቍጽሪ 2፡- ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ

ሰክረታርያ ሰደኤ፡ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብዓወት ክዛዘም ዘለዎ ልዑል ምንዮት፡ ብስም ማእከላይ ባይቶን ምሉኣት ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ይገልጽ።

6ይ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ'ዚ ሓጺር ልዑላዊ ዕድሚኣ ኣጋጢምዋ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ኣብ ጥርዙ በጺሑ ንለውጢ ቅርብቲ ኣብ ዘላትሉ፡ ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ድማ ንድሕነት ህዝቢ፡ ምርግጋጽ ህላዌን ቀጻልነትን ልኡላዊት ኤርትራን፡ ብሓባር ደው ኢሎም መኸትኦም የተሓባብሩን የሐዩሉን ኣብ ዘለዉሉ ህሞት ይጋባእ ብምህላዉ፡ ፍሉይ ታሪኻዊ ሓላፍነት ይህቦ። ጉባኤኹም፡ ዓበይቲ ብድሆታት ብጽንዓት መኪቱ፡ ናጻን ዲሞክራስያውን መርገጺታት ሰውራዊ ባይቶ ኣሐዩሉ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ግቡእ ቦታኡ ዝሕዘሉ ባይታ ክምድምድ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ዘለዎ ልባዊ ምንዮትን ምትእምማንን ደጊሙ ይገልጽ።

ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ፡ ከም ኵሎም ጭጕራፎም ኣንጻር ህዝቦም ዘቕንዑ ዲክታቶርያውያን ስርዓታት፡ ብናይ ገዛእ ርእሱ ውሽጣዊ ምብላዕ ተዳኺሙ፡ ኣብ ገምገም ጸድፊ ይርከብ'ኳ እንተሎ፤ ኤርትራውያውን ተቓወምቲ ውድባት፡ ነዚ ስርዓት'ዚ ካብ ስልጣን ምእላይ፡ ከም ናይ መጀመርታ እምበር፡ መዛዘሚ ዕላማ ክወስድኦ ኣይግባእን። ዝዓበየ፡ ልዑልን ከቢድን ጻዕሪ ዝሓትት ዕማም፡ ንኵሉ ኤርትራዊ፡ ኣብ ኵሉ ህይወት ሃገሩ፡ ብማዕረ ዘሳትፍ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ስለዝኾነ። እዚ ዲሞክራስያዊ ራእይ'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ደምበ ተቓውሞና ፈሊሱ፡ ኣብ ሓራ ሃገርና መታን ክጥጥዕ፡ ምቹእ ሃዋህውን ባይታን ናይ ምፍጣር ሓላፍነት ናይ ኵሉ ሓይልታት ተቓውሞ ኰይኑ፡ ትጽቢት ህዝቢ ኤርትራ'ውን ኢዩ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ'ዚ ኣረኣእያ'ዚ ተበጊሱ ዝተኸተሎ ሜላ ዓቒቡ፡ ኵሉ መዳያዊ ተጻብኦታት መኪቱ፡ ነዚ ጉባኤ'ዚ ከጋብእ ምብቅዑ፡ ንኹሉ ተቓላሳይ፡ ብፍላይ ድማ ነቲ ጸቢቡዎ ዘሎ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብ ህዝብና ተስፋ ዝህብ ኢዩ።

እምበኣርከስ፡ 6ይ ጉባኤኹም፡ ዕቱብን ነቐፌታውን፡ ውሽጣውን ግዳማውን ገምጋም ገይሩ፥ ነዊሕ ዝጠመተ ዕላማኡን ራእዩኡን ደጊሙ ኣነጺሩን ኣሐዩሉን፥ ንጥምረት ሓይልታት ተቓውሞ ሓድሽ ድፍኢት ብምሃብ ከትርርን ናህሩ ከዛይድን፥ ሃገራዊ ሓድነትን ዲሞክራስያዊ መሰላትን ህዝብና ኣብ ምርግጋጽን ምዕቃብን ተወሰኽቲ ረጃሒታት ዝኾኑ ውሳኔታት ብምሕላፍ ከም ዝድምደም ኣይንጠራጠርን።

ክብሪ ንስውኣትና፡

ሰክረታርያት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
18.07.2006